መሰልና OUR RIGHTS

ብኤርትራዊት በርግሳዊት ማሕበር ኣብ ካልጋሪ እትዳሎ
Edited & Published by Eritrean Civic Society of Calgary

ሕታም ቍ./No. 01-01/06/2006
e-mail: ericivicsociety@yahoo.com

# ሌላ ምስ ኤርትራዊት በርገሳዊት ማሕበር ካልጋሪ

ኤርትራዊት በርገሳዊት ማሕበር ካልጋሪ ኣብ ዘለናዮ ዓመት 2006 ኣብ 3 ግንቦት ኣብ ከተማ ካልጋሪ እያ ተመስሪታ። ክትምስረተሉ ዝኸኣለት
ቀዳማይ - ኣተሃላልዋ ህዝብና ኣብ ኤርትራ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ካብ ሕማቕ ናብ ዝሓመቐ ኵነታት ይኸይድ ብምህላዉ ንማንም ንጡዑይ ኣእምሮን ቐኑዕ ሕልና ዘለኒ ንዝብል ርዱእ ኰይኑ ከም ተዓዛባይ ኢዱ ኣጣሚሩ ንክሓለፎ ዘይከእለሉ እዋን ብምኻኑ ግዱሳት ነዛ ንመሰል ደቂ-ሰባት እትጣበቕ ክምስርትዋ በቒያም ኣለዉ።
ካልኣይ - ኤርትራውያን ኣብ ካናዳ ብፍላይ ኣብ ካልጋሪ ዝቕመጡ ምስ ካናዳዊ ሕብረተ-ሰብ ብሓባር ከም ካናዳዊ ሕብረት-ሰብ ኰይኖም ናብርኦም ብትምህርቲ ብሞያ ከመሓይሽሉ ዝኽእልሉ ዝኽእል መንገዲ ንምርካብ ምጽዓር።
ብሓጺሩ ግን ኤርትራዊ ኣብ ካናዳ መጺኡ ጸረ-ሰብኣውን ደሞክራስያውን ስራሓት ከካይድን ክተሓባበርን ከምዘይክእል ክበርሃሉ በዚ ኣጋጣሚ ክንሕብሮ ንፈቱ። ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝከኣል ንኑጹሓት ዜጋታት ንምትላል ዓማጺን ግሃሲ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ዝኾነ ስርዓት ብዘይዕላዊ ፍቓድ ፈስቲቫላትን ህዝባዊ ምትእኽኻባትን ብወይጦታቱ ኣቢሉ ዘዳልዎ ይኸውን። ፈስቲቫላት ኣየድላይን ኣይኮነን ንብል ዘለና። እንታይደኣ ኣብ ከመይ ኵነታትን ብመንን በዚ ምኽንያት ተጠቒምካ ዝተኣከበ ገንዘብ ናብ ምንታይ ይውዕልን፡ ከምኡውን ብሽም እቲ ምትእኽኻብ ዝግበር ፕሮፓጋንዳን እዩ ዘይተደላዩ ኰይኑ ንረኽቦ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ከይተገራህና ናይዞም ከገርሁና ዝፍትኑ ውሑዳት ዕሱባት እንተኺኢልና ከነፍሽሎም እንተዘየሎ ግን ብሰንኮም ናብ ነፍስናን ስድራቤትናን ከጓኑፉና ዝኽእሉ ሳዕቤናት፡ ግምት ብምሃብ፡ ካብ ምስ ኣጓነፈና ምጥዓስ ብኣግኡ ምጥንቓቕን ምቝጣብን ከምዘድሊ ነተሓሳስብ። ኣብ መደምደምታ እዞም ውሑዳት ዕሱባት ኣብ ዘለናዮ ሃገር ነፍሰ-ወከፍ ሰብ ናይ ናብራኡ ወሳኒ ባዕሉ ምኻኑ ክረጋገጸሎምን ከነርጋግጸሎምን ንፈቱ። ካብኡ ሓሊፉ “ዓስ በላ ክር በላ እንተ ኣበየት ትኺድ ናብ ገደላ” እዩ እቲ መልሲ። እቲ ንሕና ንገብሮ ምትእኽኻብ ብነጻ ድልየትና ኰይኑ ኣተሃላልዋ ህዝብና ኣብ ግምት የእቲና ብናይ ሓባር ውሳኔ ኢና እንቕየድ። ብኣንጻሩ ግን እቲ ናይ ህግደፍ ምትእኽኻባት ተኣዚዞም ክእከቡን፡ ተኣኪቦም ብዘይሓደ ርእቶን ሕቶን ነቲ ዝተዋህቦም ትእዛዝ ምፍጻምን ጥራሕ እዩ። ህግደፋውያን ኣብ ወጻኢ ከይተረፈ ናይ ባርነት ናብራ እዩ ዘለዎም። ኤርትራዊ ንነፍሱ ነጻ ኣውጺኡ ብነጻነቱ ተጠቒሙ ባዕሉ ዝውንኖ ማሕበር መስሪቱ ከይተሸቑረረ ከይተሰከፈ ሽለብ ገለብ ከይበለ ናይ ነጻነት ህይወት ከስተማቕር ኢና ንዕድም ዘለና። መቐረት ናይ ነጻነት ዝተረድኤ ንህዝቡ ንወገኑ ናይ ባርነት ናብራ ኣይምነይን እዩ።

As Canadian-Eritreans, we greatly appreciate and feel proud to live in a country that has enshrined in its constitution “Human Rights” and “Multiculturalism”, which it implements and respects.

Canada is one of the leading nations that promotes and helps other nations and nationals establish democratic institutions, and brings peace to these regions by sending peace keepers and experts of conflict resolution.

Countries which live immersed in conflict and are under dictatorial regimes indulge their people into unnecessary deaths, especially the defenseless children, teens, women, the elderly and the sick. The outcome of civil wars and conflicts are poverty, endemic diseases, and lack of basic education.

Dictators are the prime contributors of armed conflicts, poverty, preventable diseases, the lack basic education, and overflow of refugees.

While the whole Canadian population and the government of Canada adheres to the constitution of the land for greater democracy, peace, economic and human progress, supporting such dictators is an unpardonable and grave mistake. Canada, as an active member of the United Nations, works multilaterally to pressure those dictatorial regimes that subjugate and suppress their people by threat and atrocities, to respect human and democratic rights. Therefore it is un-Canadian to support either morally and/or financially any form of dictatorial regimes.

The Peoples Front for Democracy and Justice, PFDJ, the dictatorial regime in Eritrea, has never been elected by the people of Eritrea, and is ruling Eritrea without Constitution. An unelected government that rules a country without a constitution is an outlaw government. While living in democratic countries to support an outlaw government which violates human and democratic rights of the people. They better think twice of any consequence that they have to face within the state they live in. Such regimes shamelessly not only terrorize their own people but they go further to destabilize their neighbors, thereby the region in.

As we all know, at this moment Canada and Canadians are vigorously fighting any form of terrorism, In other words, violation of human and democratic rights by ruthless regimes and trying to destabilize other nations is not different from the acts of terrorism. Therefore as Canadians we are obliged and it is our sacred cause to oppose and expose staunch supporters of any form violation of rights. It is our duty to abide by the laws and rules of Canada. Otherwise, we have to be ready to face the consequence of our actions.

In conclusion, we would like to give our first advice to Eritreans who came to Canada claiming they have been tortured and detained by the dictatorial regime, but as soon as they are settled they start supporting the same repressive regime morally and financially. Our brotherly and sisterly advice to them is to refrain from supporting the repressive regime they know through direct or indirect moral and financial support. To give one example is the festivals organized by the regime’s puppets. For your good citizenship status and moral support to the people who are suffering under the Eritrean dictatorial regime, it is essential to boycott any kind of festival or fundraising effort that is organized by supporters of the

government, because any penny collected is used against its own people. Any people who participate in these kinds of festivals are also giving moral support to the repressive regime in Eritrea to continue its suppression.

In order to be part of a solution not part of the problem, for any one of us we have two options. One, is to remain neutral, even though, it does not help solve the problem. The solution then is the second option which is to join hands with those advocates for peace and human and democratic rights group to pressure the PFDJ regime in Eritrea and to create more awareness to Canadians and others of the seriously deteriorating human rights issues in Eritrea.

## ናይ ሓባር ጉዕዞ

ህዝቢ ኤርትራ ንመሰሉን ንመንነቱን ተቓሊሱ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ከፊሉ መንነቱ ኣረጋጊጹ እዩ። መሰሉ ግን ክረጋገጸሉ ኣይከኣለን ዘሎ። መሰልካ ምስ ዝገሃስ እውን መንነትካ ክብሩ ይቕንስ እዩ። ከምዚ ክገብሮ ዝኽእል እውን ብሰንኪ እቶም ንውልቃዊ ጥቕሞም ክብሉ መሰል ህዝቢ ዝግህሱ ኣብ ስልጣን ዝርከቡ ገዛእቲ ኣብ ሃገሮምን ኣብ ከባቢኦምን ዘርእይዎ ኣሉታዊ ውሽጥዊ ምሕደራ ጉዳይን ናይ ወጻኢ ዘይጥጡሕ ፖሊስን ከምኡውን ምስ ጐረባብቶም ዝህልዎም ኣብ ናይ ጉርብትና ናይ ሓባር ብሰላም ምንባር ዘየርገጸ ዝምድናን ዝክተልዎ ፖሊሲ ይኸውን።

ህግደፍ - እዚ ሕጂ ዘርእዮ ዘሎ ጠባያት ንብዙሓት ካብ ዘይምርዳእ ሕጂ ዘተኣታተዎ ይመስሎም ጸኒሑን ኣሎን። እንተኾነ ሕሉፍ ታሪኽ ህግሓኤ ካብ ናይ ሕጂ ተግባር ህግደፍ ዝፍለ ኣይኮነን። ኣብ ፖለቲካ ምሕደራ ምጽእ ኢሉ ሃንደበት ዝፍጸም ነገራት የለን። ኩሉ ካብ ፖለቲካዊ ባህርኻ እዩ ዝነቅል። ውጽኢት ናይ ውሽጣዊ ምሕደራ እውን ነቲ ተግልግሎ ህዝበይ ትብሎ ስለዝምልከት ውጽኢቱ ነቲ ህዝቢ ዘሐጉስ ወይ ውን ዘየሓጉስ ይኸውን። ስለዚ መስትያት ምሕደራ ናይ ሓደ ስርዓት ህዝቢ እዩ። ቅኑዕ ምሕደራ ነቲ ዝገበሮ ይእርም። ዘይቅኑዕ ግን ነቲ ዘለዎ ጉጉይ ተግባራት የግድዶ። ስለዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ኣብ ምሕደርኡ ክንዲ ህዝቢ ዝጥቀም ብምሕደርኡ ዝጉዳእ ኰይኑ፣ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናገደደ ዝኸይድ እንበር ዝሓየሸ ኰይኑ ኣይርከብን ዘሎ። ባህርይ ናይ ፖለቲካዊ ስርዓት ስለዘይቅየር፣ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓትውን ካብዚ ዘለዎ ኣገባብ ከመሓይሽ ወይ ክልወጥ ስለዘይክእል እናገደደ እንበር እናተመሓየሸ ክኸይድ ኣይክእልን። ክመሓየሽ እዩ ኢሉ ንዝኣምን ባእታውን እንተሎ የዋህነት ዘጥቅዖ ጥራሕ እዩ ዝኸውን።

እዚ ስርዓት እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሽሽ ክብል ዝኸኣለ ህዝቢ ኤርትራ ስለዝተገረሃሉ ይኸውን። ህዝቢ ከይፈለጠ ከሎ ተቐዳዲሙ መሓውር ጸጥታን ቀኈጠባን ሚድያን ስለዝተቘጻጸረ ህዝቢ ንከይለዓል ብምፍርራሕን ብምእጋድን ንዝተላዕለ ከኣ ብምጕባጥ ጨካን ስጉምትታት ክወስድ ይርከብ። ሎሚ ህዝብና ካብ ዝኾነ እዋናት ንላዕሊ ናብርኡ ክዘናበልን ክግፋዕን ክሓምምን ክጠምን ክስደድን ይርከብ። ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ህግደፍ ግዝኣት እቲ ዝኸፍኤ መግዛእቲ ኰይኑ ይርከብ።

ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ሓደ ስርዓት ብዘይ ምርጫ ህዝብን ብዘይ ቅዋምን ዝገዝእ ዝርከብ ስርዓት ህግደፍ ጥራሕ እዩ። ብዘይምርጫን ብዘይቅዋምን ዝገዝእ ስርዓ ት ሽፍታዊ ስርዓት ጥራሕ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ካብ ሓደ ሽፍታዊ ስርዓትውን ሰብኣውን ዲሞክራስያዊ መሰላትን ክኽበረልካ ማለት ዘበት እዩ። ይትረፍዶ ብሕጊ ዘይተሃነጸ ስርዓት፣ ብሕጊ ተማእዚዙ ዝኸይድን ሕጊ ዘኽብርን ብሕጊ ዝተሃንጸን ንሕጊ ዝምእዘዝን መሰላት ናይ ህዝቢ ሓልዩን ኣኽቢሩን ንኽኸይድ ዓቢ ብድሆ እዩ ዘለዎ። ስለዚ ንባዕሉ ብሕጊ ዘይመጸ ሕጊ ከኽብረለይ እዩ ኢልካ ምሕሳብ የዋህነት ጥራሕ እዩ።

ንሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላትና ከነኽብር ህዝብና ከም ካልእ ኣብዝሃ ህዝቢ ዓለም ንክነብር ንኽኽእል ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ሓቢርና ንህዝብና ኣብ ዘለናዮን ኣብ ዘለዎ ቦታን ንመሰሉ ክለዓል ነተባብዕን ንተሓባበርን። በዚ ምኽንያት እዚ እውን ኢና ሓንቲ ኘኹሉ ኤርትራዊ ክትሓቁፍ እትኽእል በርገሳዊት ማሕበር መስሪትና ዘለና። ስለዚ ንመሰሉን ንመሰል ህዝቡን ክጣበቕ እየ ዝብል ዘበለ ኩሉ ኣብ ሲቪካዊ/በርገሳዊ ወይ ኣብ ናይ መሰል ትጣበቕ ማሕበር ክኣቱ ይዕደም።

ስም፣ <u>ኤርትራዊት በርገሳዊት ማሕበር ኣብ ካልጋሪ</u>

ዕላማ፣ 1- ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ክኽበር
2- ህዝባዊ ቅዋም ክትግበር
3- መሰል ስደተኛታት ኤርትራውያን ክኽበር
4- መንእሰያት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ጸጊቦም ናብ ስርሖም ተዋፊሮም ኣፍረይቲ ዜጋታት ክኾኑ።
5- ኣብ ካናዳዊ ሕብረተ-ሰብ ከም ካናዳዊ ሕብረተ-ሰብ ብባህልናን መበቈልናን ኰሪዕና ብትምህርትን ናይ ስራሕ ሞያን ዓቢና ናብራና ምጥጣሕ

ኤርትራዊ ኣብ ጉዳዩ ንክዛረብን ንክሓትትን መልሲ ንክረክብን ግቡኡ ብምኗኑ ኣብ ወጻኢ ንርከብ እውን እዚ መሰላት እዚ ተጠቒምና ህዝብና ካብዚ ወሪዱዎ ዘሎ ሕሰመ መከራ ንክድሕን እጃምና ንክነበርክት ተጠርኒፍና ብሓባር ኣብ በብዘለናዮ ከተማ ብዝተሓተ ደረጃ ሲቪካዊ ማሕበር ብምምስራት ክንምክት: ብፍላይ ኣብ ከተማ ካልጋሪ እትርከቡ ኤርትራውያን ናብዚ ተመስሪቱ ዘሎ በርገሳዊ ማሕበር ክትጽንበሩ ነተሓሳስብ።

- - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - -

Address - ericivicsociety@yhoo.com